# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 32 ዓመት ቁ.140 | ዓርቢ 10 ለካቲት 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
በዓል ክልተ ብልሒ



ገጽ 3



ታኼላ ስሚኦታት

ገጽ 4



ገጽ 5
ኣብ ልዕሊ ሻምብቆታት ጋዛ 'ናርድ ስትሪም'..



ገጽ 7
ደሃይ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሩቶን ውጽኢታዊ ርክብ ኣካዪዶም

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኬንያ ዊልያም ሩቶን፡ ትማሊ 09 ለካቲት ናይሮቢ ኣብ ዝርከብ ቤተ-መንግስቲ፡ ሰፊሕን ውጽኢታውን ዘተ ኣካዪዶም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ እቲ ፕረዚደንት ሩቶ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ዝገበሮ ምብጻሕ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት ኤርትራን ኬንያን ከምኡ'ውን ኣብ ዞባዊ ወህደት ሓደሽ ባብ ከምዝኸፈተ ገሊጹ። ክልቲኣን ሃገራት፡ ኣብ ኣገደስቲ ዓውድታት ልምዓት - ንህዝብታተን ዘገልግልን ዘርብሕን ጭብጥ ምትሕብባር ንምግባር ጥጡሕ ባይታ ከምዘሎ ድማ ኣረጋጊጹ።

ብመሰረት ምስ ፕረዚደንት ሩቶ ዝጸሓዎ ምርድዳእ፡ ኤርትራ ኣየሰኪላቶ ዝጸንሐት ኣብልነታ ኣብ ዞባዊ ውድብ ኢጋድ ከምእተሐድሶ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ውድብ ንምሕያልን ዳግም ንምቕራጽን ከምእትሰርሕ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ሩቶ ብወገኑ፡ ምብጻሕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ኬንያ፡ ሓያል ድርኺት ንክልተኣዊ ዝምድናታት ኬንያን ኤርትራን ከምኡ'ውን ንዞባዊ ምትሕብባር ምኳኑ ጠቒሱ፡ ኤርትራን ፕረዚደንት ኢሳይያስን ንዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ብዘበርክትዎ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ። ኤርትራ ሃገራዊ ሰራዊት ሶማል ንምህናጽ እትገብሮ ዘላ ኣበርክቶ፡ ንኬንያን ነቲ ዞባን እውን ዓቢ ሓገዝ ምዃኑ ድማ ኣዘኪሩ።

ፕረዚደንት ሩቶ፡ ኬንያ ንግዳውን ወፍራውን ዝምድና ምስ ኤርትራ ንምዕባይ ኣበርቲዓ ከምእትሰርሕ፡ ኣብ ኣስመራ ኤምባሲ ከምእትኸፍትን ናይ ኣየር በረራ ኣብ መንጎ ኣስመራን ናይሮቢን ንምጅማር ከምእትጽዕርን ሓቢሩ።

ኤርትራን ኬንያን፡ ዜጋታተን ካብን ናብን ኣብ ዝኑብርዎ ምንቅስቓስ ዝሕተትዎ ዝነበሩ ቅጥዕታት ቪዛ፡ ካብ ትማሊ 9 ለካቲት ጀሚሩ ክተርፍ ኣብ ስምምዕ ከምእተበጽሐ እውን ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ ርክቦም ክልቲኦም መራሕቲ፡ ንዝተበጽሐ ምርድዳእ ኣመልኪቶም ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቦም።


ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብዚ ናይ ኬንያ ዑደቱ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ምስ ፕረዚደንት ሩቶ ዘገበሮ ርክብ፡ ምስ ሓያሎ ሚኒስተራት እውን ተራኺቡ ተዘራሪቡ።


ኣብ'ቲ ርክብ ሚኒስተር ጉዳይት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብርኣብን ኣምባሳደር በየነ ርእሶምን ተረኺቦም ነይሮም።


ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ፡ ንኽብሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ምስኡ ዝተጓዕዘ ልኡኽን ናይ ምሳሕ እንግዶት ገይሩ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶን፡ ከም መርኣያ ምሕዝነት ኤርትራን ኬንያን ኣብ ቀጽሪ ቤተ-መንግስቲ ፈልሲ ተኺሎም።

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ ከተማ ናይሮቢ ኣስታት 150 ኪሎ-ሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ቦታ ዝተደኮነ ፕሮጀክት ንፋሳዊ ጸዓት በጺሑ።







# ባጽዕ - ንምቛም ኣሃዱ ሕክምና ኣብ ሰውራ ዘብርህ ሰሚናር ተዋሂቡ

ከም ኣካል ናይ'ቲ ዝኸሪ መበል 33 ዓመት ስርሒት ፈንቅል ንምድማቕ ዝካየድ ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ንጥፈታት፡ ንምቛም ኣሃዱ ሕክምና ኣብ እዋን ቃልሲ ብሓፈሻ፡ ንኣገዳስነት ኣሃዱ መበጣሕቲ ኣብ 1977 - መጥቃዕቲ ከተማ ባጽዕን ስርሒት ፈንቅልን ድማ ብፍላይ ዘብርህ ሰሚናር ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ኣስመረት ኣብርሃን ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ኣቶ ረዘነ ኣዶናይን ዝተሳተፍዎ ሰሚናር፡ ዶክተር ተኸስተ ፍቓዱ - ኣሃዱ ሕክምና ምስ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት ብውሱን ዓቕሚ እኳ እንተፈለመ፡ ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ንኽበጽሕ ብዓሃቲ መድረኻት ከምእተሰጋገረ፡ ጉድኒ-ጉድኒ ምውሓዝ መንእሰያት ናብ ሜዳ ከኣ - ቁጽሪ ሞያውያን ብኣኡ መጠን እናበረኸ ከም ዝመጽአ ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ኣብ 1977 ከተማ ባጽዕ ንምሕራር ኣብ ዝተገብረ መጥቃዕቲ፡ ኣሃዱ ሕክምና ብውሑድ ዓቕሚ-ሰብ፡ ውሱን መሳርሒታትን ቀረብ መድሃኒትን - ጸንከር ኩነታትን በዳሂ ክሊማን ተጻዊሩ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ነቲ መድረኽ ከምዝሰገሮ ዝጠቐሰ ዶክተር ተኸስተ፡ ስርሒት ፈንቅል ዘይከም መጥቃዕቲ 1977፡ ህዝባዊ ግንባር ብኹሉ መዳያቱ ደልዲሉ ዓወታት ክንጎናጸፍ እንከሎ፡ ኣሃዱ ሕክምና ብኣኡ መጠን ከምዝሰፍሐን ብኸኢላታትን መሳርሒታትን ከምዝዓጠቐን ኣረዲኡ።

ዶክተር ተኸስተ፡ ብውሑድ ክኢላ ዝፈለመ ኣሃዱ ሕክምና፡ ናይዚ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ሕክምናዊ ምዕባለ ሰረት ምኳኑ ብምግንዛብ - መንእሰያት እቲ ዝተሓልፈ ማስገደል ናብ ወለዶታት ምእንቲ ከሰጋግሩ ክፈልጥዎን ክሰንድዎን ኣዘኻኺሩ።





## ጥዑምዝጊ ተስፋይ

### ካልኣይን መውጽኢታን ክፋል

# በዓል ክልተ ብልሒ

ከሉ ፈተነኡ፣ 'ቡቃ፡ ነገር ተወዲኡ - ጉያ



ደንጎሎ ታሕታይ ምስ ዓቐበታ፡ ጥውይዋይ ጽርግያ መቐነታ፡ ብኣእላፍ ሰራዊት፡ ብዓይኒ ዓራት ኣፈሙዝ ዘርኢ ምድሪ ነተጕቲ፡ ካብ ዝጠን ክሳብ እግሪ ምድራ ኣሺኺ፡ መንደቓ ተሪሩ፡ ሰማይ'ውን ሓሲሙ፡ እሳት ኣዝሒቡ።

ነፈርቲ ኩናት ከም ጥሙይ ሾሉ ክንቆታ ክንቃዕርራ፡ ኣጽዋር ክጕርዕ ሰማይ እናነሃወሸ ንምድሪ ክትርብዑ ዓለም ክተንቀጥቅጥ፡ ገለ ኣብ ዕጨ እምኒ፡ ገለ ኣብ ዝጠን ኑበራ ብቖትሩ እናጸልሙት፡ ፍጡር እናተቐዝፈ፡ ሞት ቀረባ እኻኹ ይቐርባ ብዙሉ።

ለምለም ሰሜናዊ ባሕሪ ምስ ግመኡ፡ በኢምን መዳፍዕን ምስ ባሩዱ፡ ህዋ ምስ ተዘርጊ ፍጡር ምስ በርጊ ንፋስኳ ተሰጢጡ፡ ደጆ ኣህጢሙ ተዋሒጡ፡ ዒግታን ሓመድን ምስ ኩሳ ጸሩ፡ ሕመት ተሸኢኑ - ኣድማስ ጠቒሩ።

ዓድነለ ወገኑ ጋሕተላይ ዘጽፈፈ፡ እግሪ ደንጎሎ ነኺሱ ላዕሊ ዘቑሙ፡ ክልተ ዓቐበት - ድርብራብ ዕርዲ፡ ንታሕታይ ሓኹሩ ክደግም ንላዕሊ፡ ኣፍ ፍርቂ መዓልቲ ጊንዳዕ ንኸቐልቀል፡ ንከበሳ ከማዕዱ ኣስመራ ክየዐግም፡ ምእንቲ ናጽነት፡ ኣጕዲሙ ሂወት፡ ኣብ ቃጽያ መሬት፡ እናኸፈለ ብጾት፡ ዕጡቕ ስራ እናነጠረ - እናቐበረ፡ ኮኑት እናኸጸገክር እናተረረ፡ ውሕድ እናኸበለ መንፈሱ እናርበሐ፡ ብዘይደው ይቕጽል ንጸባሕ ዘይጸብ፡ ምስ ኣእላፍ ይገጥም ውሑድ ከይበሉ።

ክልተ ዝብልሑ ሴፍ፡ ኣብ ሸሹዩኡ ንክየርፍ፡ ኣበ'ዝን ኣበ'ትን ኣብ ዝጠንን መታሕትን፡ ብሓደ ሰጕሚ ብማዕሪ ህርመት፡ ብሓደ መትከል ብሓደ እምነት፡ ኣብ ክልተ ወቕቲ - ኣብ ሓደ ቅናት፡ ንናጽነት - ንሓርነት፡ ንኽብሪ - ንመስዋእትነት፡ እቲ ሓደ ብጾቱ ኣሚኑ፡ እቲ ሓደ ዝበኡ ኣቐሲኑ፡ እጃሙ ይዓምም ከከም ዝምልከቶ፡ ካብ ባጽዕ ናብ ዝጠን ኑቲ ዓቢ ሹቶ።

ኣብ ደሎ ብደሎ፡ ብዘይመደሎ፡ ዣ ትንፋሱ ኣቐዲሙ፡ ዘይምኽኣል ኣሕሚቑ ይፍጽም ዕማሙ፡ ክሳብ ዝደርቕ ተጻንፈፉ ደሙ፡ ክሳብ ዘእክል ዝቐብር ኣብ ሪሙ፡ ኣየቋርጽን ጉያ፡ ንረጋጹ ፍትሒ ክዝብረሉም መውረርያ።

መዝሙሩ ናጽነት - ሕልሙ ናጽነት፡ ትምኒቱ ናጽነት - ጉዕዞኡ ናብ ናጽነት፡ ሕቶኡ ናጽነት - ጉያኡ ናብ ናጽነት፡ ይግበይ ዘይለመደ ናብ ሓንኳል መንኾ፡ ንሱን ርእሱእምኑቱን ናይ መሰሉ ዳና፡ ዋላ ረመጽ ይሓዕዎ፡ መሬትን ሰማይን ይጽቀጦ፡ ተፈጥሮ ይፈታተኖ፡ 'ሓያል'የ በዛሊ ይደንድኖ፡ ምድረሰማይ ከም ገዛዎም ትኹኖ፡ ላንጋ ላንጋ ኣይከውንን፡ ኣብ ምእማንን ዘይምእማንን ኣየእሉሉን።

ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር፡ ቃልሲ ይፍኩስ ይምረር፡ ጸሓይ ትዕረብ ትብርቕ፡ ሰማይ ይሰሩብ ይድረቕ፡ ዓለም ትዘር ደው ትብል፡ ወቕቲ ይዛሉ ይቀየር፡ ወርሒ ትጥዐ ትሕመም፡ ኮኾብ ይድመቕ የጭለምልም፡ ሓንቲ እያ እምኑቱ፡ ዘይትጠልም ብጺዩቱ፡ ነዊሑ ሓጺሩ፡ ወዓሉ ሓደሩ፡ ዝኸፈለ ከፊሉ፡ ዝሰበረ ሰጊሩ፡ ከም ዝበጽሕ ኣብ ናጽነት፡ ከም ዝብር ብኽብረት፡ ንሳ'ያ እምኑቱ ናይ ሓዋሩ ደረቱ።

ፈንቅል ኣብ ምድማቹ ንሳ ነይራ ሓሳቡ፡ ኹ ኣብ ምብጋሱ፡ ንሳ ነይራ ሰንቁ፡ የማኑ ጺጋም ጋለሁ፡ ብማእከል በኩሉ ንቑልቁል ኣቋሚቱ - ካብ ጋሕቴላይ ተሊሙ፡ ደግድግታ ሓኹሩ - ንደማስ ለኪሙ፡ ተገዝገዝ ጕማም ባሕሩ፡ ክምርሽ እኽሎ ብጦላጉሉ፡ ነይሩዎ ሰንቂ - ዘዋጕትእ ሓቂ፡ እምነት ብእምኑቱ፡ ወዘለቕለቕ ዘይፈቱ፡ ሰማይ እኽዘዝኑብ ፋሽሽትን ናፓልምን ምድሪ እኽትዕጻግ ፈንጂን በምጊታትን ምስ ሞት እናገጠመ ብዕላማን ሓሞትን ዓቕሚ እናወሰኸ ብምጽማዎን ሓጦ፡ እምነትን ሞራልን መትከልን ጽንዓትን ይሕልን - ይወጥን ይትግብር - ይፍትን ይጣቡብ - ይሓስብ ትጥብበ ከሪጦም ደሰዕርም ብጥበብ።

ደገሊ ፈንጠሱ ጊደም ተማለኡ ካብ ኣማትረን ዕዳጋን ጸሪት - ሓግሒጊ፡ እኽሽሑሩ ኣብ ወሽጢ ባጽዑ ኣብ ከበዲ ባሕሪ ኣየኑ ኣየወጽኡ ዕርዲ ምስ ኣትረሩ ኣብ ገጀ ምድሩ፡ ዘራይ ምስ ኩናም ገጀ ባሕሩ፡ ጉያ ምስ ዓገቶ እቲ ዕጹው ማዕጾ ረመጽ ምስ ጋረዶ ፍጡር ከም ዘይሰግሮ፡ ክሳብ መውጽኢታ ናይ ትንፋስ ሰንበታ፡ ክሳብ'ታ ሹቶኡ ባጽዕ ብዮብዮ፡ ክቐጽል ምኳኑ መጋርያ ሰጊሩ፡ ክጭንጥስ ምኳኑ ዝበረ ገይሩ፡ እምነት ነይሩዎ፡ ንሱ ሓሊፋ ከም ዘርሕዎ፡ ጠኒኑ ብትብዓት፡ ናብ ቀጣን ስጋለት፡ ፈቲኑ ብጽንዓት፡ ተጠማጢሙ ምስ ሞት።

ክሳድ ሓዘ ምስ በለ ባሕሪ ምስ ኣመቱ ባሕሪ ምስ ወኹ ባሕሪ ምስ ጨቢ፡ ፈተነ ኣየቋረጸን፡ 'ኣይክእሎን' ኣይበለን ምስ ኣጽዋር ተጋጭዩ ኣብ ጽርግያ ወዲቑ ኣብ ባሕሪ ጠሊቑ እናተተኻኸአ - መንገዲ ኣፋሪቑ ሕጽክር ምስ በለ ኩነታት ከፊኡ ንመስዋእቲ ምስ ኩላ ጉያ ኣብዚ፡ መሬጽምታኡ ኣብ'ታ ጸቢብ ኩይኑ እንታይ ተረፈ ደገም ዛንታ ሳሊና ክድገም' እናተወርዩ ምስ ኩሉት ስጋለት ቀጣኑ ጉደና ምውታን ከም ኣፍ ሳርማ ምስ ጸልሙት፡ ምስ ጸቢ ይፋጠጥ ነይሩ ሓዊት፡ ደሙ ፈሊሑ ንእሉት።

ይሕርቕም እዩ ነይሩ እናጠሙት ባሕሩ እናሻዕ እናሞት ክረብብረብ ምስ ሞት፡ ኑቲ መንገዲ ሞት፡ ኣትዩዎ ብትብዓት፡ ክልተ እዩ ምርጫኡ፡ ወይ ሹቶ ወይ መስዋእቲ፡ ወይ ሞት ወይ ክብረቱ ዝሕጥ ኣይብልን ንመሪጹ።

ስጋለት ቀጣን ከም ሕንዝም ተመን ዘይትምሕር ኩይና ሰጕሚ ደቃ ኣሕጺራ መላምል በሊዓ ዋጋ ምስ ኣኸፈለት ማልስ ዘይርከበሉ ሂወት ምስ ውሓጠት በደላ ዘይብሉ 'ቡቃ' እናተባሀለ 'ኣኸሉ ሻዕብያ ረብረብ፡ ካብ ሕሉፍ ከይመዝር ሓንጎዱ ኣብ ቀጕሪዕ ተጠጢቑ. . .' - ንሱ ግን ተጣቢቡ ምረት ከሕምቅ ተበሊሒቱ እቲ ጥበበኛ፡ ናይ መዋጥር ዳና፡ ኩሉምሉ ሓደ - መንፈሱን ልሳኑን ዕላማኡን ጉያኡን ወዲኑ ዝዓዝዝ ንሕንጻጸን ግብርን ኣሰጋጁ ዘራኽብ ማስርሕን ዕላማኡ።

መዓሽሞ ይምለስ ሓንኣብ እንተ'ንቂዱ ባጽዕ እንደዩ ነይሩ ንቕሎኡ፡ ኣብ ወደብ ክረጋጽ ነይሩ ጉያኡ ብኢጋ ዝተለሞ መዓልቦኡ ዝበሎ ከይገበረ ዓወት ከይተደረ ከይሰዐረ - ከየግረዉ ከመይ ኢሉ ደው ክብል ዘይብርዶ ክዝብር፡ ስጋለት ተረር ዕርዲ ካብ ክልኣት መርጸ፡ እግሩ ብልሓት ነይሩዎ፡ ኣብ'ቲ ጸቢብ እዋን ዝመዛኑ ተበዝሶ ደኑ ባሕሪ ክጨድድ ብሴፉ ማያት ክሰንጥቕ ብኣኽናፉ ስጋለት ቀጣኑ ስጋለት ጨካኑ ከም'ቲ ንዓኡ ምስ ህጡር ትብዑቱ ሂወቱ በሊዓ ምእታው ዝኸልኣቶ፡ ናተይ እናበላ ዝዓጸቶ፡ ኣፈፌታ ዓጸዩ ብጭራሕ ኣትዩ ኑዩም ሰብ ውሻጠ መውጽኢ ከሽእናም ባሕሪ ከም ዘይዓጕዩ ኣርከቡ ከየርርም።

ኣብ ጽርግያ ስጋለት ሓንሒኑ ኣንፈቱ ናብ ርእሲ ምድሪ ቀይሩ ከንሳፍፍ ኣብ ጽፍሒ ባሕሪ ሞት ዝቐረበኡ ዘይብሉ መዕቀሊ፡ ጉርሮ ዘርዊ - ጨው በርኸቱ ምሕረት ዘይፈልጥ - ዓሳ ሰራዊቱ ንሓዴኡ ክሽዱ ወይ ክበላዕ ወይ ክሰግር ወይ ከውሓጥ ወይ ክሕንገር ብጕደና ቀላጥ ባሕሪ ክጽሓ ርእሲ-ምድሪ ክጕጥጕጥ ጸላኢኡ ክድምስስ ደመኛኡ።

ዕጥቁ ሽጥ ኣቢሉ ትሕዝኡ ኣጽሪፉ ፈጣናት ስራሩ ንባዕሉ ፈጢኑ ፈሊሙዎ ትሕዙ ሓደኛ ጉዕዙ ኣብ'ቲ ዕራርቡ ጸላም ዝጕልበቡ ንሱ ንኽጠንን ርእሲ ሰብነቱ ከድንን ንምማይ ውሽጢ ባጽዑ ብሓዊ ክዋጮብ ምስ ፈነወ ማሕታ፡ ደሴት ብደሴታ፡ ከም ጽሑዲ ልደት፡ ብልጭልጭ ምስ በለት፡ እንታይ ከም ዝሓሰበ እናሰላሰለ፡ ጋን ኩይኑዎም ብልሓቱ ከጥልሉ፡ ስጋለት ኣሚናዎም ዕርዲ ተጸፊፎም ኣረእሶም እኽቕብሩ ኣብ ስጋለት ኣትኩርም ምጽኣቱ ከጥልሉ ኣሻሓት ኣፈሙዝ እኽኸጻውድሉ።

ስጋለት ግን ብጸምዋ ብሒታ ዝበዩና ሓዊት ተሰዊሩ ምስ ሰኣንዎ ኣሰሩ 'እንታይ'ዩ ነገሩ - ከመይ'ዩ ነገሩ እኽከበሃሉ ሓርቢቱምም ብልሓቱ ብረቱ እናንቀወ ንሱ ምኽዋሉ 'ናይ ዓቕሊ ጸቢት ደኹን. . .! እናበለ ኣምባላይ ተመን ድሮ ሰሚሙ ገምገም ረገጹ ይሓንር ነይሩ ዝናብ ርሳሳት እናሰሓቶ ጨብረቕታ በምጊታት እናገጨበ ብያላ-ያላ ብዘለ-ዘለ ኣብ ቀርጽ ባሕሪ ሓጸር መንገዱ ይቐዝፍ ይሕንብብ ደጆ ከይሰምዕ ምድሪ ንኽረግጽ።

ብልሓቱ - ንእሉቱ ኩነታት ለዊጡ ንስጋለት ቀጣን ጸቢብ መጻብቡ ብጾቱ ዝበልዐት ኣብ ግዜ እቶእቶ ከም ተራ ጉደና ከም ኩሉ ጽርግያ ከማዝይመሓንቐ ናብ ውሻጠ ባጽዕ መንገዲ ፈጢሩ ንዓኣ ዝተካእ ዘርያኣም ብእመተ ኣፈፈት እናቋመቱ ሕን ተሰርሲሩ ማያት ተደፊሩ ኣብ ዝበናም ሓዊት ተዓዪዩ።

ድሕሪዚ እሞ ንኣዓም ገረሞ 'ስብ ኣይኩነን ኣሎሞ'፡ ሰንብደን ሸበድበድን ህድማን ቀምሸ ኣደይን ንገስ ኩናት ብጥበበ ውሽጢ ባጽዕ ሓጸቡ ምስ መዲናኡ ምስ ህዝቡ - ተራኺቡ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**

ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዱ ዑቕባሚካኤል

ራብዓይን መወዳእታን ክፋል

## ታኼላ ሰማእታት

*ኣብ ዝሓለፈ 3ይ ክፋል ናይ'ዚ ኣርእስቲ እዚ፡ እቲ ፍሉይ ኣሃዱ ካብ እድርባ ቑጽሉ ንኻልእ ሰማእታት ብምርካብ ሰንጢቑ ብማህጥርን ወሉትሽጥርን ሓሊፉ*



ተጋ/ይ የማነ በርሀ (ወዲባሻይ)

*ኣብ ከጠቃት ዒንን ወዳሰን ተሓቢኡ ከም ዝቐጸ ርኢና። እቲ ስርሒት ክፍጸም ግዜኡ ምስ ተቓረበ ደሚ ሰወእ ተጋዳላይ ፍስሃየ ወልደገብርኤል ኣብ ዋዲላቦ ንሓለፍቲ ኣሃዱታት ኣኪቡ ብዛዕባ ተልእኾን ጸላኢ ኣብ ኣፍዓበት ዘለዎ ዓቕምን መግለጺ ከም ዝሃበ፡ ካብኡ 4 መዓልታት ጸኒሑ ከኣ ሓብራዊ ኣኼባ ጸዊዑ መግለጺ ከም ዝሃበ ኣቢብና። መቐጸልታኡን ናይ መወዳእታን እነሆ፦*

እቲ ኣብ ናይ 28 ሚያዝያ ሰዓት 5፡00 ምሸት ኣብ ሩባ ዋዲላቦ ዝተገብረ ሓብራዊ ኣኼባ፡ ሰወእ ፍስሃየ ኣብ ሓደ ጫፍ ናይቲ ዝተኣከበ ሰራዊት ብምዃን “ብጾት!” ኢሉ ዘረባኡ ጀመረ'ሞ፡ ተኣኪቡ ዝነበረ ተጋዳላይ ኑቲ ዝወሃብ መግለጺ ንምስማዕ ኣእዛኑ ጸለወ። ኣብ መጀመርታ ዘረባኡ ኣፍዓበት ከሎጥቅዕ ምዃንና ምስ ኣፍኣመልና ጥራይ፡ ዕመር ናይ ጣቕዒት መልሱ'ዝበረ ተሰምዐ፡ “ዓሽ ዓሽ ያሆ! ውድብና'ኮ ኣብዚኣ ኣላ ግብራ ክትብላ ኣይትኽእልን ኢኻ! ... ” እናበልና ኣደናቒትና ገለጻናን ሓድሕድና እናተሰማማዕና ንማሰዋእቲ ተዳለና።

“ሓንኩብ ሓንኩብ! ንሰማማዕ! ኣፍሲ.ወከፍ ኣሃዱ እትወስዶ እጃም ንሓለፍትኹም ተገሊጹሎም ኣሎ። ተልእኾና ምስ ፈጸምና በቲ ዝኣቶናሉ ስለ ንምለስ ኩሉ ተጋዳላይ ማስተውዓሊ ክኸውን ይግባእ። መጥቃዕትና ምሸት ሰዓት ሾመንተ ስለ ዝጅመር ኣንፈትና ከይንስሕት ትኩረትን ጥንቃቐትን ክኽውን ኣለና” ብምባል ዘረባኡ ደምደመ።

ሰራዊት ናብ ዕላማ ክብገስ ከሎ፡ ማዕረ-ማዕረኡ ደማ ሕክምና መብጣሕቲ ኣሃዱ ኣብ ጥሉል ዝተባህለ ቦታ ምድላዋቱ ገበረ። እቲ ናይ ሕክምና ኣሃዱ፡ ብዶክተር ሃይለ (ረሻ) ዝምእከል ኮይኑ፡ ክሳብ 14 ዝጽሕ ዓቕሚ ሰብ ዝነበሮ ዝነበሩ ኣባላቱ ንሓቲዩም በጦሎኒታት ዝተቓጀፈ ድልዱል ኣሃዱ ነበረ። ንሱ'ዩም ከኣ መሪሒ ማሳርያን ሓለፌ ምድግዛዘን ኣብርሃም ዳዊት፡ ኣንቶኒ ተባሂሉ ብሰንኡ ዝጽዋዕ ሓኪም በጦሎኒ ሰውእ

ነርስ ደበሳይ (ካርተር)፡ ሓኪም በጦሎኒ ንገሰ ማሳፍን (ወዲመንደር)፡ ሓኪም በጦሎኒ ተኽስተ ኪዳ፡ ሰውእ ሓኪም በጦሎኒ ሰብሃቱ፡ ኣጋር ሓኪም መሓመድ፡ ኣጋር ሓኪም ተሰፉ ተኽሉ፡ ሰውእ ኣጋር ሓኪም ማና (ማንድብል)፡ ሓኪም በጦሎኒ መንግስ ኢሳቕ (ወዲ ኢሳቕን) ካልኦት ኣብዚ ኣሰሚዮም ክንዝክሮ ዘይክኣልናን ነበሩ።

ድሕሪ መግለጺ ሳልሳዋይ ሓሊፊና ናብ ናይ መወዳእታ ፈጸሚ ተጸጋዕና። ልክዕ'ቲ ሰዓታት ግን ኣይግድን፡ ኣብ ዕላማና ከይበጻሕና ናይ ዜሮ ሰዓት ኣኸለ። ኑቲ ከጠቢ ብዘጸንዑ ኣባላት ሰሊያን ወፋያት ሓፋሽ ውድብትን ተመሪሕና ልክዕ ሰዓት 6:30 ካብ ዋዲላቦ ተበጊስና ከሰብቅዕ ጥንቃቐ ክንገብር ክንብል ግዜ ተዓዘረ። ብቐንዱ ከኣ ናይ ቈጣቑጥን ሰናጭሮን ባህርያዊ መሰናኽል ስለ ዝበዝሐ ግዜና ክንሕሉ ኣየኽኣለናን። ንሱ ከይኣክል፡ ጸረ ሰለያ ጸላኢ፡ ኣቐዲሙ ድፋዕ ኣብ ዘይነበሮ ንቅድሚት ሓሊፉ መከላኸሊ ሰሪሑ ብምጽናሕ፡ ኣብዚዩ መደብናዩ ቦታ ወግኢ ከፊተልና። በዚ ምኽንያት ወግእ ሰዓት 9:45 ተወልዐ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣብ መጀመርታ ጽቡቕ እዩ ኸይዱ። ከምዚ ኢሉ እንከሎ ግን ኣብ መንጎኡ “ቶኽሲ ኣቋርጽ ቀልጢፍካ ውጻእ!” ዝብል ትእዛዝ ተመሓላለፈ። እቲ ትእዛዝ ኣብ መረዳእታና ቀሩብ ምድንጋር ፈጠረ። እንታይ ማለት'ዩ “ተኾሲ ኣቋርጽ ውጻእ?” ኢልና ብበበይንና ሓሰብና። ንኽሳትና ዘደንጸወ ውሳኔ'ውን ነበረ። ጸኒሕና ከም ዝፈለጥናዮ ግን እቲ ስርሒት ፈሺሉ እዩ።

ናይ'ቲ ከቢድ ምቅርራብ ዝተገብረሉ ስርሒት መፍሸሊ ምኽንያቱ፤ ቀዳማይ፡ ካብ ዝተገመተ ንላዕሊ ግዜ ስለዝተወሰደ፡ ካልኣይ፡ ጸላኢ ኣብ ግምት ዘይተዋህቦ ቦታ ንቕድሚት ቀሪቡ ዓሪዱ ብምጽናሕ ንመደብና ኣቐዲሙ ከም ዝቃላዕ ስለ ዝገበሮ፣ ሳልሳይ፡ እቲ ካብ ድፋዓት ወሪዱ ኣብ ኣድያብ ታዕሊም ክካየድ ዝጸንሐ ሰራዊት ጸላኢ፡ ተኾሲ ምስ ተወልዐ ኑቲ ውግእ ክጸንበር ቀልጢፉ ናብ ኣፍዓበት ስለ ዝኣተወ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ስርሒት ካብ መኽሰቡ ክሰራታቱ ከም ዝዓቢ ሓለፍትና ስለ ዝገምገሙዎ ከይንሳሕብ ወይ ስርሒትና ከቋርጽ ተገደድና።

ኣብቲ ውግእ፡ ፍቕዶም ዘይጨበጦኩዎ ወዲ-ረዳ ዝተባህለ ሓደ መራሒ ጋንታ ዝርከቦም ብጾት ተሰዊኦና። ሓሙሽተ ተጋደልቲ'ውን ተወጊኦና። ሰወኣትና ቀበርና ቀሰላትና ሒዝና ከኣ ዕለት 29 ናብ መበገሲ ቦታና (ሩባ ዋዲ) ተመለስና። ካብ መንገ ተዮም ውጉኣት ብዘይካ ሓንቲ ብጸይቲ ናይ ካልኦት ማህረምቲ ድሓን እዩ ዝነበረ። እታ ናይ ከበዲ (ኣብደመን) ማህረምቲ ዝነበራ ኣባል ክፍሊሰራዊት 70 ግን ኣብ ጥሉል ዝተባህለ ቦታ ብዶክተር ሃይለ ረሻ መብጣሕቲ ተገበረላ። ሩባ ጥሉል ከም ስሙ ጠሊ ዘለዎ ደስ ዘብል መሓዘዩ። እዮም መብጣሕቲ ኣሃዱ ንብዙሕ መቐሰልቲ ዚጋጠሞ ተጋዳላይ ከኣንግድ ብዘኽእል ኣገባብ ዝኣክል ምቅርራባት ገይሮም እዮም ጸኒሖምና። ኣብ ትሕቲ'ቲ ኣግራብ ንውጉኣት ዝኸውን መደቀሲ ተዳልዩ፡ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ.ወከፍ መደቀሲ ውጉእ ኣብ ኣግራብ ዝተንጠልጠለ እንፍኝሽን ተሰቒሉዎ ደረአ ነበረ።

“ኢዩም ኣደኻ ዘለኣኸትካን ዕዱጋ ከም ዝጽንሓካ'ምበር” ኮይኑ፡ ውጉኣትና ተሰኪምና ካብ ጥሉል ክሳብ ዋዲ፡ ካብ ዋዲ ናብ ዕላር ኣየና። ኣብዑር ተሓሪዶምልና ክሳብ ሰዓት ሓሙሽተ ምሸት'ውን ኣብኡ ወዓልና። ግን ናይ'ቲ ጾምና ዝቐሰናዮ ክኸውን ይኽእል፡ ኣኽበድና ምቅባል ተሳኢኑዎ ተምላስን ወጽኣትን ዘኸተለ ከም እንሓፀም ገይሩና እዩ።

ንምሸቱ ነታ መብጣሕቲ ዝነበረት ብጸይቲ ኣብ ሕክምና ውድብ ዕላር ጌዲፍና፡ ንኻልኦት ኣብ ኣደገዘቐሊ ኣወጢሕና ናብ ፍቸይ-ምራራ ቀጸልና። ናብ ፍቸይ ኣብ ንድያቡ ዝበርና ሰዓታት፡ ማይ ይኻፊ ስለዝነበረ ኣብቲ ዓቕብ ሽታሕ ኢልና እናወደቕና እናተንኾእና ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ እንዳ ኣቡኑተኽለ - ኣብቲ ሕርሻ በን በጺሕና። ኣብኡ ክንሓድር ምዃንና ምስ ተነገረና'ውን ብዘይ ፍላጥ ንመገዚ ዝጸላ ዝኸኑና ኣዕጻው ካብ ኣታኽልቲ በን ቈሪጽና ብምትካል መከላኸሊ ጥሚቕ ገርና ሓደርና።

ንጽባሒቱ ሰዓት 5:30 ምሸት ናብ ማይዓልዲ ተበገስና። ካብ ፍቸይ ናብ ማይዓልዲ ዝጋገ ርሕቀት'ኳ እንተዘይብሉ፡ ግን ክሳብ ጉዳይ ጸጥታ ናይቲ ቦታ ዝረጋገጽ ኣብ መገዲ ከፍ ኢልና ንውሕ ዝበለ ሰዓታት ስለ ዝተጸበና፡ ኣብ ሰዓታት ፍርቂ ለይቲ ኢና በጺሕና። ማይዓልዲ፡ ብኸሉ መኣዝናቱ ብኽቦታት ዝተኸበበ ዕሙቕ ዝበለት ከባቢ ሩባኡ ዛራ ማይ ኣለዎ። እቲ ኣብ ዘርያ ማይዓልዲ ዝርከብ ሰንሰለታውን ዝተኣሳሰረን ኸቦታት ንጸላኢ እንተዘይ ኮይኑ ንተጋደልቲ ሓደገኛ ነበረ። ከምኡ ዓይነት ተኣፋፍነት ስለ ዝነበሮ፡ እቲ ኸቦታት ካብ ህላወ ጸላኢ ናጻ ምዃኑ ክሳብ ዝረጋገጽ ሰራዊት ኣብ ማይዓልዲ ሓዲሩ ወዓለ።

ኣብ ማእከል ማይዓልዲ ሓንቲ ግዕት ትመስል ኩጀት ኣላ። እዛ ኩጀት'ዚኣ ካብ ደቀምሓረ ድግዘዘ፡ ካብ ወከ፡ ጐረታትን ሓዩሎን ንዝመጽእ ጸላኢ ከተቖጻጽር ስለ እተኽእል ኣዚያ ኣገዳሲት ቦታን ስትራተጂያዊትን እያ። ኣነ (የማነ በርሀ) ንሓለዋ ምንቅስቓስ ጸላኢ ንምክትታል፡ መስርዐይ ሒዘ ናብዛ ኩጀት'ዚኣ ደየብኩ። ሰዓት 16:30 ምስ ኣኸለ'ውን ሰለስተ ማእከልነት ጋንታታት ዝጸላ ተጎልበቦም ብምምሳል ናብኦም ጸላኢ ክሕዞም ከም ዝኽእል ዝተጠርጠሩ ካብ ማይዓልዲ ሸንኽ ደቡብ ናብ ዘለዉ ጐቦታት ሓለፉ። ንሱዮም ኣድላዪ መጽናዕቲ ምስ ገበሩ ሰራዊት ንኽብገስ ሓበሩ'ሞ፡ ኩሉ ሰራዊት ሓዲሩ ካብ ዝወዓሎ ቦታ ሰዓት 18:30 ንጉዕዞ ተላዕለ።

ካብ ማይዓልዲ ተበጊስካ ንጸለም ጸርግያ ኣስመራ-ከረን ቈሪጽካ ክሳብ ናብ ዓንሰባ ተንቀልቀል ዝበለ ጉዕዞና ኣዝዩ ተኣፋፊ ነበረ። ጸላኢ ኑቲ ጸርግያን ከጠቃት ዓንሰበዛዘን ንምሕላው ኩሉ ግዜ ኣብዚዩም በርኽቲ ቦታታት ኣሎ። ክንድ ዝኾነ ደሚ ንማስመር ኣስመራ-ከረን ኣብ መንጎ ደቀምሓረ ድግዘዘን ገፍናሸምን ብዝርከብ ሰንጭሮ በቲ'ኽፍናዮ ክንሰግር ከለና፡ ብኣዝዩ ጥንቁቕ ኣገባብ ናብ ሽማንገስ ታሕታይ ተጓዓዝና። ደቂዝርኡ ረገጽና ክንሓልፍ ይግባእ'ኳ እንተ ነበረ፡ ግን ብዙሒ ምልሻ-ሰርናይን ወድገምን ስለ ዝተዋፈሩዎ መሕለፊ ዝበሃል ኣይነበሮን። ካብ ማይዓልዲ ሰዓት 18:30 ዝቐለና ሰዓት 8:30 ረፋድ ዓድንኣምን ኣቲና ወዓልና። ጸላኢ፡ ናብ'ዚ ከባቢ'ዚ ምሕላፍና ግዲ ኣረጋጊጹ ነፈርቲ ውግእ ልኢኹ ምልእ መዓልቲ ክደልየና ወዓለ፣ ግን ኣይተኲሶን።


ምሸት 30 ግንቦት ካብ ዓዲንኣምን ነቒልና ንሃሮ ኣብ ምልዙናይ ኣቲና ብምውዓል፡ ሰዓት ሸዱሽተ ምሸት ክልተኡ በጦሎኒታት ተኣኪቡ ብዛዕባ'ቲ ብማርሻል ቲቶ ዝምራሕ ኣብ ዩጎዝላቭያ ዝተኻየደ ቃልሲ ፊልም ክንርኢ ምስ ጀመርና፡ ግን ነታ ፊልም ከይወዳእናያ “ተሰራዕ ተበገስ” ስለ ዝተባህለ ብደናጉልን ቀልቀለት ብዓላን ኣቢልና ናብ ዒን ወሪድና ወዓልና። ቀልቀለት ብዓላ ንውሓት ዘለዎን ጸዳፍን ብምዃኑ መሓውርና ረድ-ረድ እናበለና ብምውራድ ኢና ናብ ዒን ዝበጻሕና።

3 ግንቦት ሰዓት 18:00 ካብ ዒን ገርገር ተላዒልና እንጃሓይ ረጊጽና፡ ኣርባዕተ ግንቦት ማይወሰን ኣብ ትበሃል ዓዲ ከጠ ለይቶ ወዓልና። ግን ሰራዊትና ኣብ ሩባ ማይወሰን ዝሰተ ማይ ንምርካብ ብዙሕ ተሸገረ። ብርግጽ ኣብ ማእከል ናይቲ ሩባ ዒላታት ከም ዝነበረ ንፈልጥ ነርና ኢና። ግን ብውሕጅ ከይድፈን ምእንቲ፡ ኢዮም ኣዖት ሓረቅም ኣግራብን ቀጽሊ ዓጊፋን ተጠቒሞም ኣፍ ናይቲ ዒላታት ብምሽፋን ብኣዕሊ ሓጻ ስለ ዝደብደቡዎ ንምርካቡ ዝነበርናዮ ጻዕሪ ብኡጋ ኣይሰለጠናን። ድሕሪ ገለ ሰዓታት ግን ብሓበሬታ ኣብቲ ከባቢ ናይ ዝረኸብናዮም ኣዖት ኣንፈት ተረኽበ፡ “ዒላ እኽለ ኣብዚታት ኣቢላ ትህሉ እያ፡ ናይ እኽለ'ውን ኣብዚ” ... እናበሉ ንምታቶም ምስ ሃቡ ፍሒርና ነቲ ዒላታት-ማይ ረኺብናዮ።

ረኺብናዮ፡ ግን ትሕዝቶ ማዩ ጥዑና ዘለዎን ረዲኻ ትሰትዮን ጽሩይ ኮይኑ ኣይጸንሓናን። ነቲ ዒላታት ምስ ከፈትናዮ ብጨና ምቕራብ ከልኣና። ሕማቕ ሽታኡ ንምእላይ ንፋስ ኣህሪምና ክንሰትዮ ብምሕሳብ ገለልና ኣብ ረይሕት ኣዕቀርና እንተ ተዓዚብናዮ'ውን ቀጠልያ ሕብሪ ሒዙ ነበረ። ኣማራጺ ስኢንና ከይፈተና ክንሰትዮ ምስ ጀመርና ኸኣ ተምላስ ክቕድመና ጀመረ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ሩባ ማይወሰን ኣይወዓልና ወዓልና ሰዓት 19:00 ካብቲ ቦታ ለቒቕና ተጓዓዝና።

ካብ ማይወሰን ንኽልተ ሰዓታት ድሕሪ ምጉዓዝና ኣብ ኩረብት ምሲየም -ጥቓ ጀበርቲ ዝበሩላ ዓዲ- ደቀስና። ኣብኡ ዋርድያ ኣውጺእና ዘዕረፍና ኣሃዱታት፡ ክልተ በጦሎኒ ሓይልታት ምስ ኣባላት ኢምዳድ፡ ሃንደሳ፡ ከቢድ ብረትን ሕክምናን ነርና። ወጋሕታ፡ ካብቲ ዝሓደርናሉ ነቒልና ንምሲየም የማን ገዲፍ ኣጓልዕ ንጸጋም ጌዲፍና ሰዓት 5:30 ጽቡቕ ግራት ምስ በጻሕና ኣብርኽና። እተን ቁሩብ ኢምዳድ፡ ናውቲ ሕክምና፡ ቀሩብ ሰንቂ ጸዒነን ዝነበራ ኣግማል ምስ መራሕተን ናብ ጸለም ቀላይ -ኣብ ምዕራባዊ ወገን ናይ ጽቡቕ ግራት ዝርከብ ከጠ- ገጸን ተጓዕዛ። ምኽንያት መበገሲና፡ ኣብ ደረብሽ ዝቐጸ ጸላኢ ተመሊሱ ካብ ሓደሽ ዓዲ ክሳብ ከጠ ዓዲ ፍንጅ ኣብ ዘሎ ከረቐስ ፋሕ ኢሉ ስለ ዝነበረ እዩ።

ኣነ ሳልሳይ ርእሰይ - ማለት የማነ በርሀ፡ መሓሪ (ሃልኳምን) ማእከልነት ጋንታ ፍስሃየ ወዲቓቐሽን ብምዃን ቤት-ክርስትያን ሓደሽዓዲ ጸላኢ ከይሀልዎ ንምፍታሻ ደየብና። ግን ብዘይካ ካህናትን ህዝብን ዕጡቕ ወይ ወተሃደር ዝበሃል ኣብኡ ኣይጸንሓን። ብኡ ማሰረት ከኣ ኣብቲ ቤተጸሎት ጸላኢ ከም ዘይረኸብና ንላዕለዎት ሓለፍትና ብረድዮ ሓበርናዮም። ሓለፍትና ግን ዝጨበጡዎ ሓበሬታ ግዲ ነይሩዎም፡



ኣባል ማ/ሸማግለ ህ/ግንባርን ኣዛዚ ክ/ሰራዊትን ሰዉእ ተጋ/ይ ፍስሃየ ወልደገብሪኤል

“ጽቡቕ ገርኩም ጥራይ ፈትሹ! ኣብኡ ኣለዎ ከይልክምሽኹም!” በሉና። ዳግም ፈቲሽና ስለ ዝቐበጽና ግን ካብቲ ቤት-ክርስትያን ዝተደኮኾሉ በሪኽ ቦታ ናብቲ ዓዲ ንምውራድ ኣምሪሕና። ካብታ ቤት-ክርስትያን ወጺእ ኢልና ቀልቀለት ምስ ሓዝና፡ ንቅድሚና ገጹ ዘምርሐ ሓደሽ ናይ ወተሃደራት ኣሰር ረኸብና። ኑቲ ዝዘንብ ዝነበረ ዒፍዒፍታ ማይ መሰረት ብምግባር፡ እቲ ዝተረኽበ ኣሰር ሓደሽ ናይ ሽዑ ርጋጽ ምዃኑ ኣረጋገጽና።

ድሕሪዚ፡ ኑቲ ከረቕሰን መዋግእን ቅርጺ ቦታታት ብጥንቃቐ እናፈተሽና ናብ ዓደጸጸር ክንቕጽል ከለና፡ እቲ ቦታ ጸላኢ ከም መከላኸሊ ይጥቀመሉ ከም ዝነበረ ምልክታት ይረኣዩ ነበሩ። ዝተቐብረ ኑተጉቲ ክህልዎ ከም ዝኽእል ስለ ዝገመትኩ ከኣ ንመሓሪን ወዲቓቐሽን ኣነ ዝረገጽኩዎን እምኒ-እምንን ክረግጹ ሓቢረ መሪሐዮም ሰጎምኩ። ንሕና ከም ፈተውራሪ ማሳርዕ እናፈተሽና እተን በጦሎኒታት ከኣ ብድሕሬና ደሰዋ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓይሊ ኣማኒኤል ወዲ ዓዋይ ናይ ክ/ሰራዊት 70፡ ካብተን ዝጽዓዛ ዝነበራ ሓይልታት ድሕሪ ኩለን ነበረት'ሞ፡ እተን ኣብ ሓደሽ ዓዲ ንዓና ተሓቢአን ዘሕለፋና ወተሃደራት ጸላኢ ነታ ሓይሊ ተኾሲ ከፈታላ። እታ ሓይሊ ግሉብጥ ኢላ ግብረ-መልሲ ሃበት። እንተኾነ፡ እተን ወተሃደራት ስለ ዝሃደማ እቲ ምቅብባል ተኾሲ ቀልጢፉ ሃጠመ። ድሓር ብዝተረኽበ ሓበሬታ መሰረት፡ ሰላ እተን ወተሃደራት ንሕና ኣብቲ ቤተክርስትያን ከለና ንሳተን ኣብ ቦታ ሰብኤ ተሓቢአን ምንቅስቓስትና ይከታተላ ነይረን እየን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ እታ ኣብ ቅድሚት ናይተን ዝጸዓዛ ዝነበራ በጦሎኒታት ዝነበረት መስርዐይ - ናይ (ወዲባሻይ መስርዕ ብሬን) ነተን ካብ ዓዲ-ማይኣዛሒት ተበጊሰን ንዓዲ-ፍንጅ ክቖርጻና ዝጸደያ ዝነበራ ወተሃደራት ጸላኢ ቀዲሙ ኣብ ዓዲ-ፍንጅ ግራት ተሰፋይ በጽሐቶ። ድሕሪ እዚ እዩ - ንመስርዐይ ቦታ ንምትሓዝ የማን ጸጋም ኣብ ዝበለ ዝነበርኩ ህሞት፡ እታ ሳሪም ፈንጂ ንኽልቲአን መሓውረይ ዝወሰደተን።

# ዝኽሪ መበል 33 ዓመት ስርሒት ፈንቅል

ዲዛይን -ታእዛዝ ኣብርሃ


ስእሊ ኣርካይቭ













# ኣብ ልዕሊ ሻምብቆታት ጋዝ 'ኖርድ ስትሪም' ንምንታይ ሸርሒ ተፈጺሙ?

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**"ባይደን ንሻምብቆታት ኑዳዲ ናይ ምብታኽ ሸርሒ ክትግበር ውሳኔ ዝወሰደ፡ ድሕሪት ኣብ ወሸጢ ማሕበረሰብ ሃገራዊ ድሕነት ዋሽንግተን ንልዕሊ ትሽዓተ ኣዋርሕ ዝተኻየደ ኣዝዩ ምስጢራዊ ዝኾነ ርእሰን ክትዕ እዩ።"**



ሰይሙር ሀርሽ

ኖርድ ስትሪም-1ን ኖርድ ስትሪም-2ን ተባሂሉ ዝጸዋዕ ክልተ ጽምዲ ሻምብቆታት ጋዝ፡ ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሩስያ (ጥቓ ዶብ ኢስቶንያ) ተበጊሱ ብትሕቲ ባሕሪ ማልቲክ ዝሰንጥቐን ንዴንማርካዊት ደሴት ቦርንሆልም ተጸጊዑ ብምሕላፍ ኣብ ሰሜን ጀርመን ዝወድእ ናይ 750 ኪሎ-ሜትር ዝርጋሐ ዘለዎ ብሩስያዊ ኩባንያ ጋዝ 'ፕሮም'ን ካልኦት ሰለስተ ኩባንያታትን ዝውሃን መስመር እዩ።

እዚ ንልዕሊ 40 ሚእታዊት ጠለብ ጋዝ ኤውሮጳ ዞማልእ ዝነበረ ሻምብቆታት፡ ብ26 መስከረም 2022 ብሓይሊ ስለዝተወቕዐ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኑ ኣሎ። እቲ ብመዓሙቕ ባሕሪ ዝሓልፍ ሻምብቆታት ጋዝ ብሓይሊ ከምዝተዛረመ ተረጋጊጹ እዩ። ነቲ ሸርሒ መን ከምዝፈጸሞ ግን ንጹር መልሲ ኣይጸንሐን። ሃገራት ምዕራብ ንሩስያ ኣብ ምኽሳስ ክጽዩ እንከለዋ፡ ሩስያ ብወገና ብኣድ ምዕራባውያን ሃገራት ከምዝተፈጸመ ክትገልጽ ጸኒሓ።

ነቲ ተግባራት ሸርሒ ከጻሪ ዝጸንሐ ጉጅለ መርመርቲ ሸወደን እውን እንተኾነ፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ዝተበሰዐ ሻምብቆታት ኑዳዲ ፍንጫል ነታጒ ከምዝረኸበ፡ እቲ ፍጻመ ብርግጽ ሸርሒ ከምዝነበረን እኳ እንተሓበረ፡ ብመን ተፈጺሙ ንዝብል ግን ብዮግልጺ ኣይሓበረን። ሩስያ፡ እቲ መርማሪ ጉጅለ ኮነ ኢሉ ንመርትዖታት ከምዝሸፈነ እያ እትወቅስ። ኣብዚ ቀረባ መዓልታት እምብኣር፡ ኣመሪካዊ ጋዜጠኛን ተዓዋቲ ሽልማት ፑሊትዘርን ሰይሙር ሀርሽ - ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ'ቲ ሻምብቆ ኑዳዲ ጋዝ ንዝፈጸሞቶ ሸርሒ ዘቃልዕ ጽሑፍ ብምዝርጋሑ፡ ንብዙሓት የዛርብ ኣሎ። ትርጉሙ ካብዚ ቀጺሉ ይስዕብ።

'ማእከል ንቑታን ድሕነትን ሓይሊ ባሕሪ' ዝተባህለ ኣመሪካዊ ትካል፡ ከም'ቲ ስሙ ዘይንጸር እቲ ዝተደኾነ ቦታ እውን ካብ ዶብ ኣላባማ ኣስታት 120 ኪሎ-ሜትር ንደቡብ ኣብ እትርከብ ከተማ ፓናማ ኮይኑ፡ ህንጻ ቤት ጽሕፈቱ ናይ ሞያዊ ላዕለዋይ ቤት-ትምህርቲ መልክዕ ዝሓዘ እዩ።

እቲ ማእከል፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ዓሚቚ ባሕሪ ዝንቀዩ ኣዝዮም ብቑዓት ሓምባስቲ ኣሰልጢኑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናብ ዝርከብ ወተሃደራውያን ኣሃዱታት ኣመሪካ ይምድብ። እዚኦቶም ብተኽእሎ ሞያ ዝሰልጠኑ ሰ4 ነተገቲ ተጠቒሞም ማርሳታትን ገማግም ባሕሪን ዘጽርዩ እዮም። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ በዓም ክኢላታት ዝቘማ ገለ ኣሃዱታት፡ ናይ ወጻኢ ትካላት ዕደና ኑዳዲ ናይ ምዕናውን ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ንዝተደኮኑ መመንጨዊ ጸዓት ናይ ምብልሻውን ኣብ ወሰኑቲ ካናሊታት መራኸቢ ሸርሒ ናይ ምፍጻም ምስጢራዊ ተልእኾ ይፍጽሙ።

እዛ ኣብ ኣመሪካ ብዘለዋ ካልኣይ ዝዓበየ ናይ ግዳም መሐዝበሲ ፕንኢ (ፑል) ዝተፈልጠት ከተማ ፓናማ እምብኣር፡ እዞም ኣዝዮም ዝተራቐቑ ሸርሒታት ዝፍጽሙ ሓንዝበስቲ ዝሰልጥኑላ ስትርቲ ቦታ እያ። እዞም ክኢላታት፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ልዕሊ'ቲ ንባሕሪ ባልቲክ ሰንጢቑ ዝሓልፍ ሻምብቆ ዝፈጸሙዎ ነገር ድማ ዘስደምም እዩ ነይሩ።

እቲ ሻምብቆ ጋዝ ብትሕቲ 80 ሜትሮ ዕምቈት እዩ ዝሓልፍ። ኣብኡ ዝግበር ሸርሒ እውን ዝተራቐቐ ክኸውን ግድን እዩ።

እቲ ፍጻመ ዝሓለፈ ስነ እዩ ነይሩ። እቶም ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ዝኾኑ ክኢላታት ንቕሓት፡ ብሽፋን ናይቲ "ባልቶፕስ 22" ዝተሰምየ ወግዓዊ ወተሃደራዊ ልምምድ 'ኔቶ' እዮም ዝተጠቕሱ ነይሮም። ካብ ኣርባዕተ ሻምብቆታት ኖርድ ስትሪም ኣብ ሰለስተ፡ ብናይ ርሑቕ መቈጻጸሪ ዝትኮስ ነታጒ ኣጻዊደዎም - ብመሰረት ቀጥታዊ ኣፍልጦ ናይቲ (ስርሒት) ወጥን ዘለዎ ምንጪ ማለት እዩ።

ካብቲ ሻምብቆታት እተን ብሓባር 'ኖርድ ስትሪም-1' ተባሂለን ዝጽወዓ ክልተ፡ ንልዕሊ 10 ዓመታት ናብ ጀርመንን ዝበዝሐ ክፋላት ምዕራብ ኤውሮጳን ሕሰር ዝዋጋኡ ናይ ሩስያ ባህርያዊ ጋዝ ዘቕርባ እየን። እተን ዝተረፋ "ኖርድ ስትሪም-2" ተባሂለን ዝጽወዓ ካልኣይ ጽምዲ ግን ተዘርጊሐን እምበር ስራሕ ኣይጀመራን።

ወተሃደራት ሩስያ ኣብ ዶብ ዩክረን ኣብ ዝተኣኻኸቡሉ - ኣብ ድሮ'ቲ ኣብ ኤውሮጳ ድሕሪ 1945 እቲ ዝኸፍኣን ደማውን ዝኾነ ውግእ፡ ፕረዚደንት ጆሴፍ ባይደን ሓደ ስግኣት ሓደሩ። ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ሸቶታቱ ንምውቃዕ ነቲ ሻምብቆታት ከም መሳርሒ ክጥቀመሉ እዩ ዝብል ስግኣት።

ኣፈኛ ዋይት ሃውስ ኣድሪያን ዋትሰን፡ ብዛዕባ'ቲ ጉዳይ ብኢመይል ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ - "ሓሶትን ፍጹም ልቢ ወለድን" ክብል እንከሎ፡ ኣፈኛ ማእከል ወከል ስለያ ኣመሪካ ታሚ ቶርፕ ብተመሳሳሊ፡ "እዚ ዝበሃል ዘሎ ቅሉዕ ሓሶት እዩ" ኢሉ።

የግዳስ፡ ባይደን ንሻምብቆታት ኑዳዲ ናይ ምብታኽ ሸርሒ ክትግበር ውሳኔ ዝወሰደ፡ ድሕሪ'ቲ እቲ ስርሒት ብኸመይ ክዕወት ይኽእል ኣብ ዝብል ኣብ ወሸጢ ማሕበረሰብ ሃገራዊ ድሕነት ዋሽንግተን ልዕሊ ትሽዓተ ኣዋርሕ ዝወሰደ ኣዝዩ ምስጢራዊን ርእሰን ክትዕ እዩ። እቲ ሕቶ እቲ ስርሒት ብዛዕባ ምፍጻሙን ዘይምፍጻሙን ዘይኮነ፡ ብኸመይ ብምስጢር ክፍጸም ይከኣል? ኣብ ዝብል እዩ ነይሩ። መን ከምዝፈጸሞ እውን ክፍለጥ ስለዘይብሉ ፍጹም ምልክት ወይ ኣሰር ክርከብ የብሉን።

እዚ ምስጢራዊ ዕማም ዝፍጽሙ ኣብ ከተማ ፓናማ ዝሰልጠኑ ክኢላታት፡ ዋላ'ኳ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ እንተኾኑ፡ ኣባላት እዚ ፍሉያት ሓይልታት ኣመሪካ ስለዘይኮኑ፡ እማመ ናይ ዘካይድዎ ስርሒታት ኣቐዲሞም ናብ ባይቶ (ኮንግረስ) ኮነ ናብቲ ብዕሉል ጉጅለ ሸሞንተ ዝጽዋዕ ኣባላት ሰኔትን መራሕቲ ባይቶን ክቐርብ ኣይግድድን። እዚ በርክራሲያዊ መስርሕ ንምስጋር ድማ'ዩ እቶም ናይ ፓናማ ሰልጠንቲ ነቲ ምስጢራዊ ዕማም ክትግበሩ ዝተሓጽዩ። ምምሕዳር ባይደን እቲ ምስጢር ከይፈልጡኹ ዝኸኣሎ ኩሉ ብምግባር፡ ነቲ ውጥን ኣብ መወዳእታ 2021 ጀሚሩ ኣብ ቀዳሞት ኣዋርሕ ናይ 2022 ዛዚሙዎ።

ፕረዚደንት ባይደንን ናይ ፖሊሲ ወጻኢ ጉጅለኡን፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ጀይክ ሱሊቫን፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ቶኒ ብሊንከንን ምኽትል ጸሓፊት ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ቪክቶሪያ ኑላንድን፡ ኣብ ልዕሊ ሻምብቆ ጋዝ 'ኖርድ ስትሪም' መጥቃዕቲ ክፍጸም ድፍኢት ካብ ዝገብሩ ሰቡመዚ እዮም።

እቲ ብቐጥታ ንዩክሬን ሰንጢቑ ዝሓልፍ መስመር ጋዝ ንቑጠባ ጀርመን ኣዝዩ ኣርባሒ እዩ። ኣኽል ታርፍ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ዋጋኡ ሕሱር እዩ። ንፋብሪካታትን ኩሉ መዝበሪ ኣባይቲን ተዓዲሉ ምስ ተረፈ፡ ኩባንያታት ጀርመን ንኻልኦት ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ ብመኽሰብ የሕፍፍላ። ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ ኣብዚ ሩስያ እተቐርቦ ጸዓት'ዚ ጽግዕተኛታት ክይኦና ኣመሪካ ብኣጋኡ ስግኣት ስለዝሓደራ፡ እቲ ሻምብቆታት ጋዝ ክህሉ እንከሎ ኣትሒዛ ተቓውሞኣ ኣሰሚዓ እያ።


እቲ ሻምብቆታት ጋዝ ንዕብለላ ምዕራባውያን ቀጥታዊ ስግኣት ጥራይ ዘይኮነ ዝጠዝሐ ብርክታት ናይቲ ሻምብቆታት ዝውንን ብመንግስታዊ ሩስያዊ ኩባንያ ጋዙፕሮም ብምዃኑ፡ ብዓይኒ ኣመሪካን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶን ሓደገኛ ኮይኑ። ኣብ መስከረም 2021 ዝተዛዘመ ተወሳኺ መስመር 'ኖርድ ስትሪም 2' ንቐረብ ሕሱር ጋዝ ኣብ ጀርመንን ምዕራብ ኤውሮጳን ንኣመሪካ ኣይማእማአን። ጋዙፕሮም 51 ሚእታዊት ብርክታት ክህልዎ እንከሎ፡ ዝተረፈ 49 ሚእታዊት ብናይ ፈረንሳ፡ ነዘርላንድስን ጀርመንን ኩባንያታት እዩ ዝውሃን።


ፖለቲካዊ ስግኣት ኣመሪካ፡ ሩስያ ናብ ኤውሮጳ ካብ እትሸጦ ጋዝ ገዚፍ ኣታዊ ምርካብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጀርመንን ካልኦት ሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳን እውን ምሉእ ብምሉእ ኣብቲ ብዋጋ ሕሱርን ከም ድላየን ዝረኽብኦን ባህርያዊ ጋዝ ሩስያ ጽግዕተኛታት ክይኦና እሞ - ናብ ኣመሪካ ዘለወን ጸግዒ ከይጉድል እዩ። ብዋዕበ እውን ከምኡ እዩ ኮይኑ፡ ልክዕ ከም'ቲ ብቓንስለር ነበር ዊሊ ብራንድት ዝቐረበ ክልሱ-ሓሳብ 'ኦስትፖሊቲክ'፡ ጀርመን ኣብ ርእሲ ካልእ ብልጫታታ ብመንገዲ ሕሱር ጋዝ ሩስያ ንገዛእ ርእሳ ክትረብሓን ንሃገራት ምዕራብ ኤውሮጳ እውን ክተርብሕ ተራእያ።

ስለዚ መስመር 'ኖርድ ስትሪም-1" ብዕጽፊ ኣዛዪዱዎ። ብኡ መጠን ድማ ኣብ መንጎ ሩስያን ነቲ ብተጻባኢ ፖሊሲ ወጻኢ ምምሕዳር ባይደን ዝተደገፈ ኪዳን - ኔቶን ዘሎ ምስሕሓብ እናሓየለ መጺኡ።

ኣብ ጥሪ 2021 ኣብ ድሮ ቃለ-ማሕላ ባይደን፡ ኣመሪካ ንምዝርጋሕ መስመር 'ኖርድ ስትሪም 2' ዘለዋ ተቓውሞ ብቓልዕ ኣሰሚዓ፡ ብቴድ ክሩዝ ናይ ቴክሰስ ዝተመርሐ ኣባላት ሰኔት ሪፓብሊካን፡ ብዛዕባ ሕሱር ባህርያዊ ጋዝ ሩስያን ዘለዎ ፖለቲካዊ ስግኣትን ብተደጋጋሚ ዛዕባታት ኣልዒሎም። ባይቶ ሰኔት ድማ ከምቲ ክሩዝ ንብሊንከን ዝበሎ "ነቲ ሻምብቆታት ደው ዝብል" ሓደ ሕጊ ኣሕሊፉ። እንተኾነ ካብቲ ብኣንጌላ መርከል ዝምራሕ መንግስቲ ጀርመን - ገዚፍ ጸቕጢን ተቓውሞን ከምዝመጽእ ርዱእ ነበረ።

**ይቕጽል**






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣጮቨውል

ወ/ሮ ኣኽበረት ኣስመላሽ ኢሳቕ፡ ኣቡሓጎይ ኢሳቕ በራኺ ኣድሓኖምን ዓፀይ ሙብራት ድራር ምራጭን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 12ተ ሓወቦታተይ ኣሞታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዳዕሮ ጳውሎስ

ወ/ሮ ትብለጽ ዓብደላ መሓመድ፡ በዓልቤተይ ጽጋብ ባህረ መጃሾ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/3/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወኪደባ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሃት ንጉሰ ኪዳኑ፡ ተኸሳሲ ኢስማዒል ኣወልከር መሓመድ፡ ናይ ክራይ ገዛ ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ን 3/4/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ትርሓስ ዑቕባይ ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ትርሓስ ዑቑባማርያም ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፍሻለ ሽመንዲን ወ/ሮ ብላለ ሃይለን፡ ስም ትሕተ ዕድመ ወድና ተኽለሃይማኖት ፍሻለ ምባል ተረፉ፡ ኮኹብ ፍሻለ ሽመንዲ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/3/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሕሩይ ተሰፋየወሃንስ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጸጋዩ ጉብሩ ግደ፡ ኣብ ልዕሌኻ ስም ናይ ሜኪና ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/2/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እንዳገርግስ ዓዲ ኳላ

ኣቶ ምካኤል ሓጎስ ገብረስላሴ፡ ኣደይ ወ/ሮ ኣብረሃት ገረዝጊሄር ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/2/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ዞን 2 ብሎክ 7 ፓርሰል 0 ንብረት ቁ 003/093/2022 መዝገብ ንብረት ቁ. 003/090/2022 መለለዪ ቁ. 2BRMAW 0007772 ብስመይ ዝተመዝገበ ንኣቶ ሱሌማን መሓመድ ኢብራሂም ሰዓድ ብሀያብ ስለዝሃብኩዎ'ሞ ናብ ስሙ ክሰጋገር ስለዝኸኣለ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ውሳነ ሒዙ ኣብ ክፍሊ ካዳስትራል ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ደኩመንት ሒዝና ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ፋጥማ ኣልሓጅ መሓመድ ኢስማዒል

---

ወ/ሮ ደሃብ ሃብተማርያም ዝተበሃልኩ፡ ኣድራሻይ ኣብ ኣስመራ "3" ምም "10" ጎደና ኣርበኞች (ሓድሽ ጎደና 758-4) ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111125 መወከሲ ቑጽሪ 122566 ብስም ወላዲና ነ/ፍ ሃብተማርያም ሃይለ ኣስገደ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ።

ወ/ሮ ደሃብ ሃብተማርያም+4

---

ኣነ ሓሰን ኣሕመድ ሳልሕ ዝተበሃልኩ ብወርሻ ካብ መዋቲ ኣቦይ ነ/ፍ ኣሕመድ ሳልሕ ባሰዓድ ዝረኸብክዎ ኣብ ኮ/ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 110300 ብመወከሲ ቁ.104419 /104419 ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ንብረት ቁ.መዝ. 62289፡ ጠቕላላ ቁ.መዝ.102484 ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ኣብ ምም/ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ሰላም ቁ/ገዛ 49፡ዝርከብ ቤት/ፍ/ሽ/ዞባ ማእከል ቁ.ፋይል 456/03 ብዕለት 10/7/2003 ኣብ ዝዋዓለ መጋባእያ ወርሲ ምቕሊተይ ምዃኑ ብዘዘዞ ውሳነ መሰረት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናይ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ናብ ቤት/ጽ ኖታዮ ይቕረብ።

ሓሰን ኣሕመድ ሳልሕ

---

ኣነ ኣቶ የሰፍ ነጋሽ ደስታ፡ ካብ ኣቶ መሓመድሓጎስ በሽር ዓብዱ +7 ምም/ን/ዞ ኣኽሪያ ጎደና ኡመልዓጃሪፎ ቁጽሪ ገዛ 19 ዝርከብ፡ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ዕለት 8/1/2019 ዝዓደኩዎ፡ ኣብ ቤ/ጽ ኖታዮ ብመለለዪ ገዛ ASD00016222 ብስም ሸየጥቲ ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ካብ ስልጣኑ ዝኾነ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ይቕረብ። ብቤት ፍርዲ ዝተወሰነ እንተኾይኑ ድማ ናብ መወዳእታ ውሳነ ቤት ፍርዲ ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ኣቶ የሰፍ ነጋሽ ደስታ

---

ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ ለተስላሴ መሓሪ ኣድሓኖም ብቑ.መለለዪ ንብረት 1፡ 011875/1 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ፓራዲዞ 1A-121 ጎደና 112-1 ቁ.ገዛ 4 ዝርከብ ገዛ ብውህብቶ ስለዝተወሃበኒ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ኢተገ ካሕሳይ ኣስፍሃ

---

ኣብ ኣስመራ ከተማ ምም/ከ/ማእከል ከተማ ጎደና ዓዲ ኳላ (ጎደና ኣኽሱም ነበር) ቁ.ገዛ 73A ፕሎት 20 ዝርከብ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቑ/ወ/ም/116696 ብመወከሲ ቁ.127177 ዋንነቱ ብስም ወራሲት ነፍ/ኣቶ ተሰፋስላሴ ተግባሩ ዳንግሽ ወ/ሮ ኣዜብ ኪዳነ ገብረስላሴ ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ዝሸጥኩዎ ስለዝኾነ፡ ስም ዋንነት ናይዚ ገዛ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም ሰብ እንተሎ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስልጣኑ ካብ ዝፈቕዶ ቤት ፍርዲ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቐሪቡ፡ ዝቃወም ከምዘየለ ተፈሊጡ ስም ዋንነት ናይዚ ንብረት ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፍ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣዜብ ኪዳነ ገብረስላሴ

---

ኣነ ኣቶ ዐስማን ምርኑብ ዒመር ዝተበሃልኩ፡ ብስም ወረስቲ ነ/ሄር ሱሌማን መሓመድ ሰዒድ ዝተመዝገበ ቀዋሚ ንብረት ገዛ ኣብ ም/ም ከባቢ ዕ/ሓሙስ ከባቢ ሓዝሓዝ ፕሎት 15 ፓርሰል ዲ-ቁ/ገዛ 42 ስፍሓቱ 100 ት/ሜትር ዝኾነ ብመ/ቁ ንብረት ኤይ-ኢሱዲ 00011937 ዝተረጋገጸ ዚ ንብረት'ዚ ዋንነቱ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝደለኹ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተኣዊጁ ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ወይ መንግስታዊ ኣካል ሕጋዊ መአገዲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ (30) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ዐስማን ምርኑብ ዒመር

---

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ ኢሲያስ ደሳለ (ወኪል ኣቶ ታደሰ ጉብርኣብ)ን ብፍ/በ/ዕዳ QDVC COMPANY (ወኪል ኣቶ ዘርጣቤል የፍታሄ ዶሜትሮስ) ን ብዘተፈጠረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነት ማኪና ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ 02 ባጽዕ ቁ/ሰሌዳ ER-8-A-1881ቁ/ቻሲ JTGJ5028490018316 ትወስዶ ኑዳዲ ናፋታ (ጉድለት ክሬክ የብላን) ስራሓት ጃፓን ኣውቶሞቢል ዝኾነት ተዮታ ሃይስ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ትርከብ ኮይና፡ ብስም ኩባንያ QDVC ኤርትራ ኣብ ሊብሬቶ ዝተመዝገበት ብሓራጅ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ኢሉ ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ፡ እዛ ዝተጠቕሰት ማኪና ብክኢላ ማጠለ ዋጋ ሓራጅ 650,000.00 (ሽድሽተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ናቕፋ ተገሚታ ስለዘላ፡ ክውዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ሲፒኦ ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል። ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ። ዝቃወም እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ማኪና ክርኢ ዝደሊ ኣብ ከባቢ ባር ቶሪኖ ጋራጅ ሓሰን ከይዱ ክርኢ ይኽእል እዩ።

ዕለት ሓራጅ - 17/03/2023 ዓ/ም

ሰዓት ሓራጅ - 3፡00-4፡00 ድ/ቀ

ቦታ ሓራጅ - ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

---

## NOTICE

The Shareholders of TAMOIL MALINDI ERITREA SHARE COMPANY in the extraordinary Meeting held on January 10,2023, have resolved to replace the existing board of directors by the following new board of directors

1. Mr. Yousef Mohammed Gerkasi Chairman of the Board
2. Mrs. Zeina Atef AlKalaani Secretary of the Board
3. Mr. Moulaye Ali Haidara Member

TAMOIL MALINDI ERITREA SHARE COMPANY

ቀንዴል

1.ትምህርቲ መካኒክ

ብክእለ ሓላፍነት ብምሉኣት መምሃራን ብኢንጅነራን ዝተመረጹ ኩሉ ኸኣ ኣብ ዓዲ ጋራጅ ናኣሽቱን ዓበይትን መኪናን ብግብሪ ምርኢት ዘለዎ ።

ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

2.ኮምፒተር

3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ

4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጐኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ. 121571 / 07111121/07325197

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ሰሜን ኮርያ - ንዝኽሪ መበል 75 ዓመት ‘ምምስራት ሓይልታት’ ወተሃደራዊ ሰልፊ ቀሪቡ

ሰሜን ኮርያ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 75 ዓመት ምምስራት ሓይልታት ናይ’ታ ሃገር ዓቢ ወተሃደራዊ ሰልፊ ከምዝቖየደት ተገሊጹ።

ኣብቲ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ካብ’ቶም ቅድሚ ሕጂ ዘማዕበሉዎም ኑክሊሳዊ ሚሳይላት ብዓይነቱ ዝተፈልየን ዝዓበየን ምዃኑ ዝተገልጸ - ኣህጉራት ሰንጢቑ ክውንጨፍ ዝኽእል ባለስቲክ ሚሳይል ዝርከቦም ሓያለ ምዕቡላት ኣጽዋር ንምርኢት ከምዝቐረበት ተሓቢሩ።

መንግስታዊ ማዕከን ዜና ናይ’ታ ሃገር - ኬይ.ሲ.ኤን.ኤ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብቲ ወተሃደራዊ ምርኢት፡ ታክቲካዊ ኑክሊሳዊ ሚሳይላትን ኣህጉራት ዘሰንጥቑ ባለስቲክ ሚሳይላትን ዝርከቡዎም ዝተፈላለዩ ኑክሊሳዊ ዓቕሚ ዘለዎም ኣጽዋር ቀሪቦም ከምዝነበሩ ገሊጹ።




ኣብቲ ኣብ ከተማ ፒዮንግያንግ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ምርኢት፡ ብዘይካ’ቲ ሓድሽ ምዃኑ ዝተገልጸ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ካልእ ‘ህዋሶንግ-17’ ዝዓይነቱ ኣህጉራት ሰንጢቑ ዝኸይድ ባለስቲክ ሚሳይል’ውን ንምርኢት ከምዝቐረበ ተጠቒሱ።

ኣገልግሎት ዜና ናይ’ታ ሃገር ኣብቲ ብትዊተር ዘዘርግሖ ሓበሬታ፡ “እቲ ወተሃደራዊ ምርኢት፡ ሰሜን ኮርያ እተማዕብሎ ዘላ ሓደሽቲ ቴክኖሎጂያዊ ሚሳይል ንዓለም ንምርኣይ ዝዓለመ ዘሎ ጸዕረታት እዩ” ክብል ጸብጺቡ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብ’ዘን ዝሓለፋ ሒደት ዓመታት ምስዚ ናይ ሎሚ ሓዊስካ ኣርባዕተ ግዜ ወተሃደራዊ ምርኢታት ኣካይዳ ከምዝነበረት ጸብጻባት የመልክቱ።

እዚ ሓድሽ ወተሃደራዊ ምርኢት፡ ሰሜን ኮርያ ንኹናት ድልውቲ ንምርግጋጽ ክትብል እተካይዶ ወተሃደራዊ ልምምዳት ዝያዳ ከተስፋሕን ከተሐይሎን ምዃና ድሕሪ ምግላጻ’ዩ ዝቖየደ ዘሎ።

እታ ኑክሊሳዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐት ሃገር፡ ኣገደስቲ ሃገራዊ በዓላትን ፍጻመታትን ንምዝካር ዝተፈላለዩ ወተሃደራዊ ምርኢታት ከምእተካይድ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እቲ ምርኢታት፡ ኣብ ምምዕባል ባለስቲክ ሚሳይላትን ኑክሊሳዊ ኣጽዋርን ዘለዋ ዓቕሚ ከተላሊ ሓጊዙ ምዃኑ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የረድኡ።

## ቱርኪ - ቁጽሪ መወትቲ ‘ምንቅጥቃጥ ምድሪ’ ልዕሊ 17 ሽሕ በጺሑ

ቁጽሪ ናይ’ቶም ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ቱርኪን ሰሜናዊ ክፋል ሶርያን ብዘጕነፈ 7.8ን 7.5ን ሬክተር ስኬል ዝዕቐኑ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝሞቱ ሰባት፡ ልዕሊ 17 ሽሕ ከምዝበጽሐ ተገሊጹ።

በዚ ማእረት፡ ቁጽሪ መወትቲ - ኣብ ቱርኪ ናብ ልዕሊ 14 ሽሕ ክድይብ እንከሎ፡ ኣብ ሶርያ ድማ ልዕሊ 3 ሽሕ በጺሑ ኣሎ።

ቍጽሪ ግዳያት ብናህሪ ዝወሰኸሉ ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት፡ እቲ ድሕሪ ሓደጋ ዝተኻየደ ናይ ህይወት ምድሓን ንጥፈታት ኣዝዩ ስለዝደንጐየን መንግስቲ ድኹም ምድላው ስለዝነበሮን ከምዝኾነ ዝተፈላለዩ ወገናት ቅሬታኦም የስምዑ ኣለዉ።

ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጠይብ ኤርዶጋን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መንግስቲ ኣብቲ ናይ ህይወት ኣድሕን ንጥፈታት፡ ገለ ጸገማት ኣጋጢሞምዎ ከምዝነበሩ ድሕሪ ምጥቃሱ ኣብዚ እዋን’ዚ ግን እቶም ጸገማት ተወጊዶም ከምዝለዉ ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣዝዩ ኣብ ዝተሃስየ ከባብታት ምብጻሕ ከቢድ ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ።

ድሕሪ’ቲ ሰሩይ ዘጋጠመ ክልተ ተኸታታሊ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣዮም ኣብ ትሕቲ ፍርስራስ ህንጻታት ተደቢኖም ዝርከቡ ኣሽሓት ሰባት ብህይወት ናይ ምድሓን ተስፋ እናማህመነ ይመጽእ ምህላዉ እዩ ዝግለጽ።



ብተወሳኺ፡ በቲ ምንቅጥቃጥ መሬት ኣዝዩን ኣብ ዝተሃሰየ 10 ዞባታት ቱርኪ ንሰለስተ ወርሒ ዝጸንሕ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ተኣዊጁ ኣሎ።

ተመራመርቲ ሰነምድሪ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ቱርኪ ኣቐዲሞም ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ ገሊጾም።

## ኮንጎ - ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ሰላማውያን ሰባት ቀቲሎም

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደ.ሪ.ኮንጎ ዓስኪሮም ዝርከቡ ወተሃደራት ዓቃብ ሰላም ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊኦም ድሕሪ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣብ ዘካየድዎ ናይ ተኹሲ ልውውጥ፡ ሸሞንተ ሰላማውያን ሰባት ከምዝቐተሉ ተሓቢሩ።

ኣብቲ እቶም ወተሃደራት ዘካየድዎ ናይ መጠንቀቕታ ምዃኑ ዝተገልጸ ተኹሲ፡ ካልኦት 28 ሰባት’ውን ከምዝቘሰሉ ሰቡ ማዚ ናይቲ ከባቢ ገሊጾም።

እቶም ወተሃደራት፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ከተማ ጎማ ናይ ኮሎላ ተልእኾኦም ፈጺሞም ናብ ቦታኦም እናተመልሱ እንከለዉ እቲ መጥቃዕቲ ከምዘጋጠሞም፡ ኣዘዝቲ ናይ’ቶም ወተሃደራት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ኣመልኪቶም።



ብተወሳኺ፡ በቲ መጥቃዕቲ ኣርባዕተ ናይ ጽዕነት ማካይን’ውን ከምእተቓጸላ እቶም ኣዘዝቲ ሓቢሮም።

እቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ‘ካንያሩቺንያ’ ዝተባህለ ኣሽሓት ተመዛበልቲ ተዓቚቦም ዝርከቡሉ ከባቢ ከምእተኻየደ’ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ሓደ ካብ’ቶም ኣብ ዓለምና ዝዓበዩ ተልእኾታት ሕቡራት ሃገራት ዝኾነ ‘ሞኑስኮ’፡ ካብ 1999 ጀሚሩ ኣብ ደ.ሪ.ኮ ዓስኪሩ ከምዝርከብ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተዋጽኡ ኣስታት 16 ሽሕ ወተሃደራት ዝሓቖፈ ምዃኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

እንተኾነ፡ ኣብ ምምሳት እቶም ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይ’ታ ሃገር ዝንቀሳቐሱ ‘ኤም-23’ ዝተባህሉ ዕጡቓት ተቓወምቲ ዝጥቀስ ኣብርክቶ ብዘይምግባሩ፡ ካብ ዜጋታት ኮንጎ ተደጋጋሚ ተቓውሞታት ኬጋጥሞ ምጽናሑ ይሕበር።

## መራሕቲ ፊሊፒንስን ጃፓንን ርክብ ኣካዪዶም

ፕረዚደንት ፊሊፒንስ ፈርዲናንድ ማርኮስ፡ ናብ ጃፓን ብምምራሕ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ፉሚዮ ኪሺዳ ተራኺቡ ይዘራረብ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ርክቦም፡ ወተሃደራት ጃፓን ኣብ ፊሊፒንስ ልምምድ ክካይዱ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ፊሊፒንስ ኬጋጥሙ ንዝኽእሉ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ቅልጡፍ ምላሽ ንምሃብ ዘኽእሎም ስምምዓት ክፈራረሙ ምኳኖም ይሕበር ኣሎ።

እቶም መራሕቲ ብተወሳኺ፡ ክልቲኤን ሃገራት ናይ ምክልኻል ዓቕመን ዘኮልዕሉ ወተሃደራዊ ስምምዓት’ውን ክፈራረሙ ትጽቢት ይግበር።



ፕረዚደንት ማርኮስ ናብ ጃፓን ዘምርሖ ምስ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ሎይድ ኦስቲን ተራኺቡ፡ ኣመሪካ ናብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ፊሊፒንስ ክትኣቱ ዘፍቅድ ስምምዕ ድሕሪ ምፍርራሙ እዩ።

ብዘይካ’ዚ፡ ፕረዚደንት ማርኮስ ምስ ካልኦት ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤሲያ’ውን ተመሳሳሊ ስምምዓት ክኸትም ከምዝኽእል እዩ ዝእመት ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት’ውን ጃፓንን ፊሊፒንስን ብደረጃ ሚኒስተራት ምክልኻልን ጉዳያት ወጻኢን ኣብ ዘካየድኦ ኣብ ጸጥታ ዘተኮረ ናይ መጀመርታ ርክብ፡ ወተሃደራዊ ሽርክነተን ንምዕባይ ተሰማሚዐን ምንባረን ይዝከር።

## ዩክሬን፡ ካብ ፈረንሳን ጀርመንን ነፈርቲ-ውግእ ሓቲታ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ነታ ሃገር ነፈርቲ-ውግእ ብሓገዝ ክልእኽላ ዝጠልብ ሕቶ ከምዘቕረበለን ተገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ሕቶ’ዚ ዘቕረበ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ፈረንሳ ምስ መራሕቲ ክልቲኤን ሃገራት ኣብ ዝተራኸበሉ እዋን እዩ።

ንሱ ድሕሪ’ቲ ርክብ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዩክሬን ካብ ሃገራት ምዕራብ ብሓገዝ እትረኽቦ ናይ ነፈርቲ ውግእን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላትን ኣብ ርእሲ እተን ተመጢኦናላ ዘለዋ ‘ሌፓርድ 2’ ዝዓይነተን ታንክታት ኣጉዳሲ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሰለስቲኦም መራሕቲ ሃገራት ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ፈረንሳን ጀርመንን ንዩክሬን ታንክታት፡ ዘመናውያን ነፈርቲ-ውግእን ንውሕ ርሕቀት ዝውንጨፉ ሚሳይላትን ክቕርባላ ምኽኣን ድሕሪ ምሕባር፡ እቲ ሓገዝ ኣብቲ ኣንጻር ሩስያ እተካይዶ ዘላ ውግእ ሳዕለዋይ ኢድ ንምሓዝ ከኽእላ ምዃኑ ዘለዎም እምነት ገሊጾም።



ፕረዚደንት ዘለንስኪ ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ብራስለስ ምስ መራሕቲ ሕብረት-ኤውሮጳ ርክብ ኣብ ዘካየደሉ እዋን፡ ብዙሓይ ሓገዝ ነፈርቲ ውግእ ከምእተዛረየ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማኑኤል ማክሮን፡ ድሕሪ ምውላዕ ኩናት ዩክሬንን ሩስያን ምስ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ብቴሌፎን ብዘዝውብሮ ዝበረ ተደጋጋሚ ርክባት፡ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ቁጥዐኡ ይገልጽ ምንባሩ ኣይርሳዕን።

ብዘይካ’ዚ፡ ብሪጣንያ እውን ብተመሳሳሊ ንዩክሬን ወተሃደራዊ ሓገዛት ክትቅርበላ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ጻውዒት ኣቕሪቡ ኣሎ።

እንተኾነ ሩስያ ኣብ ዝሃበቶ መግለጺ፡ ንዩክሬን ናይ ነፈርቲ-ውግእ ሓገዝ ዘቕረበት ዝኾነት ሃገር፡ ተሪር ግብረ-መልሲ ክወሃባ ምዃኑ ደጊማ ኣጠንቂቓ።

እቲ ካብ ሃገራት ምዕራብ ናብ ዩክሬን ክጓረት ዝኽእል ተወሳኺ ወተሃደራዊ ሓገዝ፡ ኣብ ሚዛን ናይቲ ብዙሓየለ መልክዑ ዝቐጸል ዘሎ ኩናት ከምጽኦ ዝኽእል ዝኾነ ለውጢ ከምዘይህሉ ድማ እታ ሃገር ኣብ መግለጺኣ ወሲኻ ኣመልኪታ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሰላማዊ | 10/2/2023 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.ገዛ 19 ፊትፊትራ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services